# ኣገልግሎታት ክፍሊት

ልልይ ምስ ኣከፋፍላ ካርድን ዲጂታዊ ኣገባብን

# ባንክ ካርድ

ባንክ ካርድ፡ ኣብቲ ሕሳብ ዝኸፈትካሉ ባንክ ይወሃበካ።

ባንክ ካርድ፡ ኣብ ሸወደንን ኣብ ወጻኢ ሃገርን ንመኽፈሊ ትጥቀመሉ፤ ኣብ ዕዳጋታትን ኣብ ኢንተርነትን ክትገዝኣሉን፡ ኣብ ባንኮማትን ኣብ ገለገለ ድኳናትን ጥረ ገንዘብ ንምውጻእን ንምእታውን ትግልገለሉ።

ብዘይ ኮንታክት ዚሰርሕ ባንክ ካርድ ተጢቒምካ፡ ብውሑድ ድምር ገንዘብ ዚግበሩ ንኣሽቱ ዕድጊታት፡ ብላዕላይ ገጽ ካርድኻ ናብ መኽፈሊ ማሽን ኣጸጊዕካ ‘ብሊፓ’ ብምግባር  ከተሳልጥ ትኽእል ኢኻ።



# ዝተፈላለዩ ዓይነታት ካርድ

**መኽፈሊ ካርድ፡ ደቢት ካርድ**
ገንዘብ ብቐጥታ ካብ ሕሳብ ባንክ ይውሰድ።

**መኽፈሊ ካርድን ክረዲት ካርድን**
እቲ ገንዘብ ኣብ ዳሕራይ ግዜ ይኽፈል። ብሕጊ ሃልኪ ክረዲት ይእለ።
እዚ ማለት ከኣ፡ ብክረዲት ኣብ እትገዝኣሉ እዋን፡ ርእይቶ እንተሎካ፡ ምስ ክልቲኦም ማለት፡ ምስቲ ሸያጥን ምስቲ ወሃብ ክረዲትን ክትራኸብ ትኽእል ኢኻ ማለት'ዩ።

ዝተፈላለዩ ዝዓይነቶም ካርድታት ኣብ www.konsumenternas.seርኢኻ ኣወዳድር።

# ክትሓስበሉ ዘድልየካ፡-

- ኣስተውዕል፡ ኣብ ሓደ ፈተነ፡ ግጉይ ኮድ ንሰለስተ ሳዕ እንተ ጸቒጥካ፡ እቲ ካርድ ሽዑ ንሽዑ ይእገድ።
- ካርድኻ እንተ ተበላሽዩ፡ እንተ ጠፊኡ ወይ ብኣውቶማት ማሽን እንተ ተሳሒቡ ተሪፉ፡ ነቲ ካርድ ከም ዚእገድ ጌርካ ምስ ባንክ ርክብ ግበር።
- ኮድካ ብሓለዋ ሓዞ፤ ውልቃዊ ሓበሬታ ወይ ኮድ ንኻልእ ሰብ ፈጺምካ ኣይትሃብ።

# ብካርድ ምኽፋል
# ኣብ መኽፈሊ ተርሚናል

- ነቲ ናይ ካርድ ቺፕ ንላዕሊ ገጹ ብምግባር ካርድ ኣእቱ
- ድምር ገንዘብ ልክዕ ምህላዉ ርአ
- ኮድ ጽቐጥ፡ 4 ኣሃዛት
- ቅቡል ምኳኑ ንምርግጋጽ ቀጠልያ ዝሕብሩ መጽቀጢ ጽቐጥ
- ካርድኻ ውሰድ
- ቅብሊት ውሰድ

ወዲእካ ✓



# ጥረ ገንዘብ የድልየካ’ዶ፧

ገንዘብ

ኣብ ድኳናትን ኣብ ማሽናት ኣውቶማትን ክተውጽእ ትኽእል



LÄNSSTYRELSEN
DALARNAS LÄN

# ገንዘብ ምውጻእን ምእታውን ኣብ ባንኮማት

- ኣብ ገለገለ ባንኮማት፡ ክልቲኡ ማለት፡ ገንዘብ ከተውጽእን ከተእቱን ትኽእል ኢኻ።
- ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ናይ ምምራጽ ተኽእሎ ኣሎ።
- ኮድካ ኣብ ማሽናት ባንኮማት ባዕልኻ ክትቅይሮ ትኽእል ኢኻ።









ከመይ ከም ትገብር ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብዚ ዚስዕብ ክትነብብ ትኽእል ኢኻ፡-

Bankomat.se፡ ገንዘብ ምውጻእ

LÄNSSTYRELSEN
DALARNAS LÄN

# ባንክ ኢንተርነትን ባንክኢደን






# ባንክ ኢንተርነት


ብባንክ ኢንተርነት ክትገብሮም እትኽእል ነገራት፡-

- ቍጽሪ ሕሳብካ ምርካብ
- ዝርዝር ኣታውን ወጻእን ሕሳብ ባንክ ምቍጽጻር
- ብጃሮ ተጠቒምካ ወጻእታት ምኽፋል
- ናብ ካልኦት ሕሳባት ባንክ ገንዘብ ምስግጋር
- ከም ባንክኢደን (BankID) ስዊሽን (Swish) ዝኣመሰሉ ዝተፈላለዩ ኣገልግሎታት ምስላጥ።

# ናብ ባንክ ኢንተርነት ብኮድ ምእታው

ናብ ባንክ ኢንተርነት ንምእታው፡-

- ናይ ኮድ ማሽን (Säkerhetsdosa)
- ሞባይል ባንክኢደ (Mobilt BankID)
- ባንክኢደ ብካርድ
- ባንክኢደ ኣብ ፋይል



# ባንክኢደ (BankID) እንታይ’ዩ፧

- ባንክኢደ፡ ብኢንተርነት ኣቢልካ፡ ንኣብነት ኣብ ትካላትን ባንክታትን መንነትካ ከተመስክር ከለኻ እትጥቀመሉ ኤለክትሮኒካዊ መንነት ወረቐት’ዩ።
- ኣብዚ እዋንዚ፡ እቲ ምስ ከም ፓስፖርትን መምርሒ ፍቓድን ዝኣመሰሉ ወረቓቕቲ መንነት ኪነጻጸር ዚኽእል ኣውራ ልሙድ ኤለክትሮኒካዊ መንነት ወረቐት ኣብ ሽወደን’ዩ።
- ባንክኢደ ብባንክታት ሽወደን ይወሃብ።

# ‘logga in med Mobilt BankID’ ዚብል ምረጽ


1. ኣብቲ ፋልማይ ባዶ ቦታ መለለዪ ቍጽሪ መንነትካ ምላእ

2. ‘logga in med Mobilt BankID’ ዚብል ምረጽ

   *ኣብ ሞባይልካ ባንክኢደ ምኽፋት*

3. ናይ ሰኪዩሪቲ ኮድ (säkerhetskod) ምላእ

4. ብድሕሪኡ ነቲ ‘Legitimera’ ዚብል ጽቐጥ



LÄNSSTYRELSEN
DALARNAS LÄN

# ምኽርታት ድሕነት !


- ✓ ውልቃዊ ሓበሬታኻ ብቴለፎን ወይ ብኢመይል ፈጺምካ ንኻልእ ሰብ ኣይትሃብ !
- ✓ ኣብ ናትካ ባንክ ኢንተርነት ብኮድ ኣቲኻ ነዊሕ ምስ ጸናሕካ ወይ ካልኦት ገጻት ኢንተርነት በጺሕካ ምስ ረአኻ ካብኡ ምውጻእካ ኣረጋግጽ።

LÄNSSTYRELSEN
DALARNAS LÄN

# ፋክቱራ ምኽፋል

LÄNSSTYRELSEN
DALARNAS LÄN

# ፋክቱራ



Företagsnamn

| | | |
|---|---|---|
| Fakturanummer | 15350 | Förnamn Efternamn |
| OCR-nummer | 11100067349401 | Gatuadress |
| Fakturadatum | 2019-01-01 | Postnummer Ort |
| Kundnummer | 341134111 | |

| | |
|---|---|
| Summa att betala | 1 200 kronor |
| Oss tillhanda | 1 februari 2018 |

Om du använder annat sätt att betala än med
inbetalningskortet är det viktigt att du uppger ditt OCR

Företagsnamn AB
116 00 Stockholm
Företaget.se

Telefon 020-222 222
Plusgiro 94 90 01-1
Bankgiro 5572-4949

Organisationnummer 1000100011
Momsreg.nummer 3334445
Godkänd för F-skatt

Bankgirot — INBETALNING/GIRERING AVI

Ifylls av banken — **OCR**

Med denna avi kan du betala på alla bankkontor
eller via

Bankgiro — Personkonto
Privatgiro — Balanskonto
Sparbanksgiro

| | |
|---|---|
| Fakturanummer | 65305350 |
| Kundnummer | 341134111 |
| Förfallodatum | 2019-02-01 |

Betalningsanvändare
Förnamn Efternamn
Gatuadress
Postnummer Postort


| Till bankgironr. | Betalningsmottagare |
|---|---|
| 5572-4949 | Företagsnamn AB |

VAR GOD GÖR INGA ÄNDRINGAR MEDDELANDEN KAN INTE LÄMNAS PÅ AVIN DEN AVLÄSES MASKINELLT

| OCR/REFERENS | Kronor | Öre | | |
|---|---|---|---|---|
| 11100067349401 # | 1 200 | 00 | 7 > | 5572959#41# |

LÄNSSTYRELSEN DALARNAS LÄN

# ፋክቱራ



Bankgirot INBETALNING/GIRERING AVI

Ifylls av banken | OCR

Med denna avi kan du betala på alla bankkontor eller via

1 Bankgiro Personkonto
Privatgiro Balanskonto
Sparbanksgiro

2 Fakturanummer 65305350
Kundnummer 341134111
3 Förfallodatum 2019-02-01

Betalningsanvändare
Förnamn Efternamn
Gatuadress
Postnummer Postort

4 Till bankgironr. 5572-4949
Betalningsmottagare Företagsnamn AB

VAR GOD GÖR INGA ÄNDRINGAR MEDDELANDEN KAN INTE LÄMNAS PÅ AVIN DEN AVLÄSES MASKINELLT

OCR/REFERENS 5 11100067349401 #
Kronor Öre 6 1 200 00 7 >
7 5572959#41#

1. ኣገባባት ኣከፋፍላ፡ ብባንክጂሮ ወይ ብፕሉስጂሮ
2. ቍጽሪ ፋክቱራ
3. ዚወድቀሉ ዕለት
4. ቍጽሪ ባንክጂሮ
5. ‘OCR’ ወይ ‘referensnummer’
6. ድምር ገንዘብ
7. ቍጽሪ ተቐባሊ

# ብሞባይል ፋክቱራ ምኽፋል

ብሞቢልት ባንክኢደ ወይ ናይ ኮድ ማሽን ተጠቒምካ ምእታው

- ናብቲ ሜኑ ኪድ
- ነቲ 'Betala och överföra' ዚብል ጽቐጥ
- ነቲ ገንዘብ ተውጽኣሉ ሕሳብ ምረጽ
- ተቐባሊ ወስኽ ወይ ምረጽ
- ዚሰጋገር መጠን ገንዘብ ጽሓፍ
- ዕለት ምላእ (እንተ ዘይጽሒፍካ እቲ ገንዘብ ብቐጥታ ይሰሓብ)
- ቍጽሪ OCR ምላእ (ቍጽሪ OCR እንተ ዘየሎ፡ ቍጽሪ ፋክቱራ ከም መልእኽቲ (meddelande) ጽሓፍ)
- ነቲ 'Lägg till' ዚብል ጽቐጥ




# ብሞባይል ፋክቱራ ምኽፋል

- ነቲ ‘Godkänn’ ዚብል ጽቐጥ
- ክሳዕ ‘BankID’ ዚኽፈት ጽናሕ
- ኮድካ ጽቐጥ፡ 6 ኣሃዛት
- ነቲ ፈርም (Skriv under) ዚብል ጽቐጥ


  ሕጂ እቲ ዚኽፈል ተኸፊሉ ኣሎ ማለት

- ነቲ ‘klar’ ዚብል ጽቐጥ
  ምእንቲ ናብ ካልእ ዕማም ክትቅጽል ወይ ኣብቂዕካ ክትወጽእ።



LÄNSSTYRELSEN DALARNAS LÄN

# ኣብ ምኽፋል ዘገልግሉ ዝተፈላለዩ መጋበርያታት





ብዲጂታዊ መልክዕ ንዚመጸካ ፋክቱራ ፈሪምካ ጥራይ ኢኻ ተጽድቖ።

እቲ ፋክቱራ QR-ኮድ እንተሎዎ፡ ተነቢቡ ሓበሬታኡ ይሰፍር። ነቲ ምልክት ካሜራ ጸቒጥካ ነቲ ኮድ ስኣሎ። እቲ ታሕተዋይ ክፋል ፋክቱራ ከይተረፈ፡ በቲ መጋበሪያ ካሜራ ምስኣል ይከኣል`ዩ።

ምልክት ካለንደር (ዓውደዋርሕ) ዕለት ንምምጻእ ጽቐጦ።

LÄNSSTYRELSEN
DALARNAS LÄN

# ሓድሽ ተቐባሊ (ny mottagare) ምረጽ




- ነቲ ‘Till’ ዚብል ጽቐጥ
- ናብ ‘Ny mottagare’ ኪድ
- ዓይነት ተቐባሊ ምረጽ
- ነቲ ኣብ ፋክቱራ ዘሎ ቍጽሪ ባንክጂሮ ጽሓፍ።
- ‘Hämta mottagarnamn’ ዚብል ጽቐጥ
- እቲ ስም ልክዕ ከም ዝኾነ ኣረጋግጽ
- ንተቐባሊ ኣጽድቕ

ወዲእካ✓

LÄNSSTYRELSEN DALARNAS LÄN

SEQR

swish

SAMSUNG pay




Pay

# ብሞባይል ኣፕ ምኽፋል

LÄNSSTYRELSEN DALARNAS LÄN


swish®

- ኣብ መንጎ ብሕታውያን ሰባትን ትካላትን ዚግበር ምምሕልላፍ ገንዘብ።
- ገንዘብ ብቐጥታ ካብ ሕሳብ ባንክ ይውሰድ።
- ስማርት ቴለፎን ዘይብሉ ሰብ’ውን ገንዘብ ኪቕበል ይኽእል’ዩ።
- ነናቱ ናይ ኣገልግሎት ክፍሊት ዚውስን ነፍሲወከፍ ባንክ’ዩ።



LÄNSSTYRELSEN DALARNAS LÄN

swish®



# ኣገልግሎታት ክፍሊት ኣብ ድኳናት

ኣብ ገለገለ ድኳናት፡ ክፍሊት ኣገልግሎት ከፊልካ፡ ፋክቱራ ክትከፍል፡ ገንዘብ ከተእቱን ከተውጽእን፡ ከምኡውን ገንዘብ ከተመሓላልፍ ትኽእል።



LÄNSSTYRELSEN
DALARNAS LÄN

# ኣገልግሎት ክፍሊት ኣብ መርበብ ኢንተርነት

ብመርበብ ኢንተርነት ንምኽፋል ዜገልግሉ ዝተፈላለዩ ኣገልግሎታት ክፍሊት ኣለዉ። ንፐይፓል (PayPal)፡ ንማስተርፓስን (Masterpass) ንክላርናን (Klarna) ከም ኣብነት ምጥቃስ ይከኣል።



# ናብ ካልኦት ሃገራት ገንዘብ ምምሕልላፍ

ብዝተፈላለያ ትካላት ገንዘብ ምልኣኽ ክንደይ ከም ዚኽፈሎ ኣብዚ ከተወዳድር ትኽእል ኢኻ። ክንደይ ግዜ ከም ዚወስድ'ውን ትርኢ።

እቲ ኣገልግሎት ብወኪል ሃልኪ (Konsumentverket) ሽወደን ይእለ።

# ኣቐዲሞም ዝተኸፍሉ ካርድታት ባንክ

## ኣማራጽታት ንበጻሕትን ሓተትቲ ዕቑባን

- ኣቐዲሞም ንዝተኸፍሉ ካርድታት፡ ኣብቶም ክፍሊት ካርድ ዚቕበሉን ኣብ ኢንተርነትን ምጥቃም ይከኣል።
- እዞም ኣቐዲሞም ዝተኸፍሉ ካርድታት ኣብ ዕዳጋ ኣስቤዛን ኣብ ድኳናትን ኪግዝኡ ይኽእሉ።
- ዝተፈላለዩ ብቐዳምነት ዝተኸፍለሎም ካርድታት ባንክ ምምራጽ ይከኣል’ዩ። ዋጋ ክፍሊታትን ሕግታትን ከከም ዓይነት ካርድ ይፈላለ።

ብዛዕባ ኣገልግሎታት ባንክ ዚያዳ ሓበሬታ ትደሊ’ዶ፧
ኣብ [https://www.konsumenternas.se/ny-i-sverige](https://www.konsumenternas.se/ny-i-sverige) ኣቲኻ ርአ።

ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ሓበሬታ ትደሊ’ዶ፧፡-
[https://www.hallakonsument.se/pengar-och-ekonomi/livssituationer/ny-i-sverige/](https://www.hallakonsument.se/pengar-och-ekonomi/livssituationer/ny-i-sverige/)

ብዛዕባ ሽወደን ተወሳኺ ሓበሬታ ክትረክብ ትደሊ’ዶ፧
ኣብ [informationsverige.se](informationsverige.se)ርአ።

*እዘም ኣብዚ ዘቕረብናዮ መግለጺ ዘልዓልናዮም ኣብነታት፡ እቶም ኣውራ ልሙዳት ዝኾኑን፡ እቶም ኣብ ሽወደን ዚበዝሕ ሰብ ዚጥቀመሎም ኣገልግሎታት’ዮም።*

LÄNSSTYRELSEN DALARNAS LÄN

Materialet är framtaget av
Länsstyrelsen i Örebro län
Stortorget 22, 701 86 Örebro
010-224 80 00
orebro@lansstyrelsen.se
www.lansstyrelsen.se/orebro

ምስ ሓላፊ ዕማም መሰረታዊ ኣገልግሎት
ክፍሊት ኣብ ዘባኻ ንምርኻብ፡-